# ነቲ ዝስዕር

## *1ይ ክፋል*

***ኣብዘን ዝስዕባ ኣርባዕተ መኣዝናት ህይወት ሰዓርቲ ኴንና ክንርከብ ይግብኣና***

1. ብብሕትና ምስ ኣምላኽ ኣብ ዘሎና ሕብረት
2. ኣብ ስድራ ቤትና
3. ኣብ ማሕበር ኣምላኽ
4. ኣብ ሕብረተሰብና (ኮም)

### *1. ብብሕትና ምስ ኣምላኽ ዘሎና ሕብረት*

እቲ ብብሕትና ምስ ኣምላኽ ዝህልወና ሕብረት ኣብ መንፈሳዊ ጕዕዞና ወሳኒ ግደ ኣለዎ። እግዚኣብሄር ንደቂ ሰባት ዝፈጠረና ምስኡ ሕብረት ምእንቲ ክንገብር እዩ። ይኹን ደኣ እምበር ብምኽንያት ሓጢኣት፥ እቲ ምስ ኣምላኽ ዝነበረና ሕብረት ከም ዝተበላሸወ መጽሓፍ ቅዱስ ይሕብረና። እቲ ሕቶ ግና፥ ሎሚ'ከ፥ ከመይ ገይርና ምስ እግዚኣብሄር ሕብረት ንገብር ዝብል እዩ። "ምስኡ ሕብረት ኣሎና፥ ኢልናስ ኣብ ጸልማት እንተ ተመላለስና፥ ንሕሱ፥ ሓቂ'ውን ኣይንገብርን ኢና ዘሎና። ከምቲ ንሱ ኣብ ብርሃን ዘሎ፥ ኣብ ብርሃን እንተ ተመላለስና ግና፥ ንሓድሕድና ሕብረት ኣሎና፥ ደም ኢየሱስ ክርስቶስ ወዱ'ውን ካብ ሓጢኣትና የንጽሃና እዩ" (1ዮሃ 1፥6-7)። ስለዚ እቲ ብምኽንያት ሓጢኣት ዝተበላሸወ ሕብረት፥ ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ብምምላስን ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብምእማንን ክዕረን ክጥዕይን ይኽእል እዩ።

ሰዓቢ ኢየሱስ ክርስቶስ ምኳን ብግሊ ዝውሰን ውሳነ እዩ። ብውርሻ ዝርከብ ኣይኮነን። ዕድለ ታት እንተ ኴንና፥ ካብ ወለድና ብጽቡቕ ስነ-ምግባር ዝዓበዩ ዜጋታት ክንከውን ንክእል ኢና። <u>እቲ ዝድለ ዘሎ ምስ ኣምላኽ ሕብረት ምግባር ግና ብግልና እንወስዶ ምርጫ እዩ</u>። መገዲ እግዚኣብሄር ኣብ ምምራጽ፥ ወለድና ተራ ከም ዘለዎም፥ ማለት ክንየ እቲ ንስጋና ዘድልዮ ሓልዮት፥ ብቓል እግዚኣብሄር፥ ፍርሃት ኣምላኽ ዘለዎም ገይሮም ከዕብዩና ሓላፍነት ኣለዎም። መንፈሳዊ ጕዕዞ ግና ክንየው እቶም ንመመርያ ጊዜ ወንጌል ዘበሰሩካ፥ ብግልካ ነቲ መድሓኒካ፥ ንሱ ክርስቶስ ምኳኑ ምፍላጥን ምስዓብን ዘድልዮ ህይወት እዩ። ነታ ኣምላኽ ኣባና ዘላቶ ፍቕሪ ብግልና ክንፈልጣን ክንኣምናን ኣሎና። እቲ ብግልና ምስ ኣምላኽ ዘሎና ሕብረት ስሙር እንተ ዘይኮይኑ፥ ኣብ ኵሉ መዳይ ህይወትና ዕዉታት ክንከውን ኣይንክእልን ኢና። ዓወት ግና ብዓይኒ እቲ ንዓወት ዘይትርጕሙ ዝህብ ስጋዊ ልቢ ዘይኮነስ፥ ብዓይኒ እቲ ንኵሉ ግብርታት ዝመዝን ህያው ኣምላኽ እዩ ዝልካዕ። ከመይሲ ህያው ተባሂልካ እናተሰመካ ግብርካ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዘይምሉእ ኮይኑ ክርከብ ስለ ዝክእል።

### *1.1 ነቲ ምስ ኣምላኽ ብግልና ዘሎና ሕብረት ብከመይ ነሐይሎ፥*

*ሀ.* <u>ብጸሎት</u>

ጸሎት ምስ እግዚኣብሄር ምዝርራብ ምኳኑ ኵላትና እንሰማማዓሉ ሓቂ እዩ። ጸሎት መተካእታ የብሉን። መንፈሳዊ ዕዮ'ውን ክትክእ ኣይክእልን እዩ። ሓቀ <u>ጸሎት ባዶነት ናይቲ ጸላዩን ምልኣት ናይቲ ናብኡ ዝጽለ እግዚኣብሄርን እዩ ዘብርህ</u>። ግናከ ጸሎት ከመይ ገይሩ እዩ ንሕብረትና ምስ ኣምላኽ ዘሐይሎ፧ እቲ ቐንዲ ምስ ኣምላኽ ሕብረት ከይንገብር ዝኽልክለና ሓጢኣት እዩ። ሓጢኣት ኣብ ጸልማት እዩ ዘንብረና። ኣብ ጸልማት እናነበርካ ከኣ ምስ ኣምላኽ ሕብረት ኣሎኒ ክትብል ዘይከኣል እዩ። ኣብ ብርሃን እንተ ነበርና ግና ምስ ኣምላኽ ሕብረት ከም ዘሎናን ደም ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ኵሉ ሓጢኣትና ከም ዘንጽሃናን ተጻሒፉ ኣሎ

(1ዮሃ 1፡7-9)። ኣብዚ ጽሑፍ ነታ "ኣብ ብርሃን እንተ ነበርና ግና ንሓድሕድና ሕብረት ኣሎና" እትብል ሓረግ ኣዚና ክነቕልበላ ይግባእ። ኣብ ብርሃን ምምልላስ ወይ ምንባር ግና እንታይ ማለትከ እዩ፤ ኣብ ብርሃን ምንባር ማለት ኣብ ሓቂ፡ ቅንዕና፡ ፍርሃት እግዚኣብሄርን ሓጢኣትካ ምእማንን ምንባር ማለት እዩ። ከመይሲ፦

1. እግዚኣብሄር ነቶም ብሓቂ ዝጽውዕዎ ኵሎም ቀረባኦም ስለ ዝኾነ (መዝ 145፡18)
2. ንኣምላኽ ዝፈርሆን ቅንዕና ዝገብርን እንተ ኣሎ ኣብ ኣምላኽ ቅቡል እዩ (ግብ 10፡3)
3. ሓጢኣትና እንተ ተናዚዝና ንሓጢኣትና ይቕረ ክብለልና ካብ ኵሉ ዓመጻ'ውን ከንጽሃና እሙንን ጻድቕን እዩ (1ዮሃ 1፡9)

ጸሎት ንክርስትያን ህይወቱ እዩ። ስለዚ ድማ እዮም እቶም ቅዱሳን ንጸሎት ዓብዪ ቦታ ዝህብዎ ዝነበሩ። እስከ እቶም ቅዱሳን መዓስን ብከመይ ዝበለ መንፈስን ይጽልዩ ምንባሮም ንርአ።
ንግሆ፡ "ዎ እግዚኣብሄር ኣንጊሀካ ንድምጸይ ትሰምዖ ኢካ። ኣንጊሄ ልበይ ናባካ ኣቕኒዐ ኣማዕዱ ኣሎኹ" (መዝ 5፡3፣ መዝ 88፡13፣ መዝ 143፡8፣ ኢሳ 32፡2)
ንግሆን ለይትን፡ "ኣታ ልዑል ንግሆ ሳህልካ ለይቲዉውን እምነትካ ምውራይ ... ሰናይ እዩ" (መዝ 92፡2)።
ክልተ ጊዜ ኣብ መዓልቲ፡ "ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምድሓነይ ኣብ ቅድሜካ ለይትን መዓልትን ኣእዊ ኣሎኹ" (መዝ 88፡1)።

- ሰለስተ ጊዜ ኣብ መዓልቲ፡ (መዝ 55፡17 ዳን 6፡10)
- ለይቲ፡ (መዝ 119፡55,62)
- ለይቲ ብምልእታ፡ (ሉቃ 6፡12)
- ከየባተኹ፡ (1ተሰ 3፡10)
- መጠን ዘይብሉ፡ (1ተሰ 3፡10)
- ከይቸበጹ፡ (ሉቃ 18፡1-8)
- ኣዘውቲሮም፡ (ቈሎ 4፡2)

ቅዱሳን ኵሉ ጊዜ ገጽ ኣምላኽ ይደልዩን ይጽልዩን ምንባሮም ኢና እንዕዘብ። ስለዚ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ሕብረት ክሕይል እንተ ኮይኑ፡ ብዛዕባ ጸሎት ዘይኮነስ፡ ጸሎት ብግብሪ ክንመሃርን ክንለማመድን ይግብኣና። "... ባርያካ እዚ ጸሎት እዚ ናባካ ኪጽሊ ኣብ ልቡ ረኸበ" (2ሳሙ 7፡27)። ንጸሎት ኣብ ጸሎት ኢና እንመሃሮ። ስለዚ ቅድሚ ምጽላይና ጸሎት መሃረኒ ኢልና ንጸሊ።

***<u>ምስ ኣምላኽ ጥቡቕ ሕብረት ዝነበሮም ኣብነታውያን ቅዱሳን፡</u>***

**1. ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፡**

- ጐይታ፡ ኣቦኡ ክገብሮ ዝረኣዮ እምበር፡ ካብ ርእሱ ሓንቲ እኳ ክገብር ኣይደለን ነበረ (ዮሃ 5፡19)
- ፍቓድ እቲ ዝለኣኮ ኣቦኡ እምበር፡ ፍቓዱ ክገብር ኣይደለን ነበረ (ዮሃ 5፡30)
- ከምቲ ካብ ኣቦ ዝሰምዖ ይፈርድ (ዮሃ 5፡30)
- ንኣምላኽ ባህ ዘብሎ ይገብር (ዮሃ 8፡29)
- ክሳዕ ሞት ኣብ መስቀል ይእዘዝ (ፊል 2፡8)
- ስለ ደቀ መዛሙርቱ ይጽሊ ነበረ (ዮሃ 17፡17-26)

**2. ሙሴ**

- እሙን መራሒ (እብ 3፥2 ዘሁ 12፥7)
- ምስ እግዚኣብሄር ኣፍ ንኣፍ ዝዛረብ (ዘሁ 12፥8)
- ስለ ህዝቡ ዝጽሊ (ዘጻ 32፥11-14፣ ዘሁ 11፥1-15፣ ዘሁ 12፥1-16፣ ዘሁ 14፥10-19፣ ዘሁ 21፥4-9)
- ቅድሚ ምስንባቱ ፡ እግዚኣብሄር ንደቂ እስራኤል መራሒ ክህቦም ዝለመነ ኣገልጋሊ ኣምላክ ንበረ።

3. ሃዋርያ ጳውሎስ

- ንካልኦት እናሰበኸ፥ ንርእሱ ድርቡይ ከይከውን ንስጋኡ ይቐጽዕን የግዝእን (1ቈረ፥9፥27)
- ንክርስቶስ ክመስል ዝጽዕር (1ቈረ፥11፥1)
- ስለ ካልኦት ወትሩ ዝጽሊ ነበረ (ግብ 20፥31 ሮሜ 1፥8-12፣ ሮሜ 10፥1-2)
- ሃዋርያ ጳውሎስ እቲ ምስ ኣምላክ ብግሉ ዝነበሮ ጥቡቕ ዝምድና ኣብዞም ዝስዕቡ ሰዓሪ ክከውን ረዲኡዎ።
- መከራ እናጸገበ ብኣምላክ ክተብዕ (1ተሰ 2፥2)
- እሙን ክከውን (1ተሰ 2፥3፣ 2ጢሞ 1፥3-5)
- ርሕሩሕ፥ ከምታ ውሉዳ እትሓቑፍ መጥበዊት ኣደ ክከውን (1ተሰ 2፥7)
- ዘይደክም ዓያዪ ክከውን (1ተሰ 2፥9)
- ብዘይመንቅብ ክነብር (1ተሰ 2፥10)
- ከም ኣቦ ክምዕድ፥ ከፋጥን፥ ክምስክር (1ተሰ 2፥11-12፣ 2ጢሞ 1፥2)
- ዝናፍቕ ሓው ክከውን (1ተሰ 2፥17)
- መጠን ዘይብሉ ጸሎት ክጽልን ከመስግንን (1ተሰ 3፥10)
- ወትሩ ሕጉስ ክከውን (ፊል 1፥12-18)
- ሃዋርያ ክከውን (2ጢሞ 1፥1)
- ወንጌል ብትብዓት ክሰብክ (ኣዋጂ) (2ጢሞ 1፥11)
- ንፉዕ መምህር ክከውን (2ጢሞ 1፥11)

ብዘይካ እዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ፥ ብዙሓት ኣብነታውያን መራሕቲ ከም ዘለዉ ርዱእ እዩ። እቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘለዉ ጥራይ ዘይኮነስ፥ ሕጂ'ውን እንተ ኮነ ነቶም ዝጽዕሩን፥ ብጐይታ'ውን ዝመርሑናን ዝምዕዱናን ክንፈልጦምን ስለቲ ዕዮኦም ብብዙሕ ብሉጽ ፍቕሪ ከነክብሮምን ይግብኣና። ምስ ኣምላክ ጥቡቕ ሕብረት ዘለዎም ዝበሃሉ፥ እቶም ንጸሎት ልዕሊ ድቃስን መግብን ኣገልግሎትን ዝሰርዕዎ፥ እቶም ፍቓድ ኣምላክ ንምግባር ባህጎም ጥራይ ዘይኮነስ፥ ፍቓድ ኣምላክ ምግባር ዝተማህሩ፥ ንመንፈሳውነት ብስምዒት ዘይኮነስ ብመንፈሳዊ ኣእምሮን ፍልጠትን ዝርድእዎን ዝነብሩዎን፥ ሕጊ ኣምላኮም (ቃል ኣምላክ) ኣብ ልቦም ዝኮነን ሰባት እዮም።

***<u>ኣታ ናይ ኣምላክ ሰብ ንስካ ግና ሚዛንካ ሓሉ።</u>***

ቅድም በታ ካብ ኲሉ እተቐደሰት እምነትካ ንርእስካ እናሃነጽካ፥ ብመንፈስ ቅዱስ እናጸለካ፥ ነቲ ናብ ህይወት ዘለኣለም ዘብጽሕ ምሕረት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እናተጸበካ፥ ንርእስካ ብፍቕሪ ኣምላክ ሓልዋ። እቲ ብግልና ምስ ኣምላክ ዝህልወና ናይ ጸሎት ህይወት፥ ኣብ ውሽጢ ቤትና፥ ኣብታ ኣካል ክርስቶስ ዝኮነት ማሕበርን ምስ ሕብረተሰብ ዕዉት ብዝኮነ መገዲ ክንዋሳእን ብሰላም ክንነብርን እንተ ዘይሓጊዙና፥ ሚዛኑ ዝሰሓተን ግጉይ ርድኢትን ከም ዘማዕበልና ምስክር እዩ።

ለ. <u>ብቓል ኣምላክ</u>

እቲ ካልኣይ፥ ሕብረትና ምስ ኣምላክ ክሕይል፥ ዘድልየና ቃል ኣምላክ እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ጐይታና ኢየሱስ "ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላክ ብዝወጽእ ቃል ኣምላክ እምበር ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን እዩ" ብምባል ዝመሃረና (ማቴ 4፥4)። <u>ቃል ኣምላክ ዕለት ዕለት እንምገቦ እንጌራና እምበር ኣብ ፍሉይ ኣጋጣሚ እንጥቀመሉ ምቁር ሕብስቲ ኣይኰነን።</u> ቃል ኣምላክ ዕለት ዕለት ክንምገቦ እንተ ዘይክኢልና ኣብ መንፈሳዊ ጕዕዞና ብክልተ እግርና ደው ክንብል ፈጺሙ ዘይከኣል እዩ። ምስ ኣምላክ ዘሎና ሕብረት ዝሕይል ንቓል ኣምላክ ብዝህልወና ፍቕሪ እዩ። ቃል ኣምላክ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ በዞም ዝስዕቡ ክግለጽ ከሎ ኢና እንርእዮ።

- መጽሓፍ (መዝ 40፥7፣ ራእ 22፥19)
- መጽሓፍ እግዚኣብሄር (ኢሳ 32፥16-17)
- ቅዱሳት ጽሑፋት (ሮሜ 1፥2፣ 2ጢሞ 3፥15)
- ሕጊ ኣምላክ (መዝ 1፥2፣ ኢሳ 30፥9)
- ጽሑፋት (1ቈረ 15፥3)
- መጽሓፍ ሓቂ (ዳን 10፥21)
- ናይ መንፈስ ሰይፊ (ኤፌ 6፥17)
- ቃል፥ ትኩል ቃል (ያእ 1፥21)
- ቃል ኣምላክ (ሉቃ 11፥28 እብ 4፥12)
- ሰናይ ቃል ኣምላክ (እብ 6፥5)
- ቃል ክርስቶስ (ቈሎ 3፥16)
- ቃል ህይወት (ፊል 2፥16)
- ቃል ሓቂ (ኤፌ 1፥13፣ ምሳ 22፥21፣ 2ጢሞ 2፥15፣ ያእ 1፥18)

ቃል ኣምላክ በዞም ዝስዕቡ ተመሲሉ ኣሎ፥

- ብመብራህቲ (መዝ 119፥105፣ ምሳ 6፥23-24)
- ብሓዊ (ኤር 23፥29)
- ብዘርኢ (ማቴ 13፥23,37,38፣ ማር 4፥20፣ ሉቃ 8፥11)
- ብክልተ ዝኣፉ ሰይፊ (እብ 4፥12)
- ብመስትያት (ያዕ 1፥23-24)

እቲ ብብሕትና ምስ ኣምላክ ዝህልወና ሕብረት ክሕይል እንተ ኰይኑ፥ ንቓል እግዚኣብሄር ከነፍቅሮ ከም ዘሎና ኣቓዲምና ርኢናዮ ኣሎና። ስለ ዝኾነ ድማ እዩ፥ ቃል እግዚኣብሄር ንህዝቢ ኣምላክ ክንበበሎም ይኩን ባዕሎም ክንብብዎ ዝግባእ። ቀጺልና፥ ቃል እግዚኣብሄር ሰሚያም ምእንቲ ክገብርዎ፥ ይንበብ ከም ዝነበረ በዘን ጥቕስታት ክንርዳእ ንክእል (ዘዳ 24፥7፣ ዘዳ 3፥11፣ 2ነገ 23፥2፣ 2ዜና 17፥7-9፣ ነህ 8፥1-8,13,18፣ ኢያ 8፥33-35፣ ኢሳ 2፥3፣ ኤር 36፥6፣ ግብ 13፥15ን 27ን፣ ቈሎ 4፥16፣ 1ተሰ 5፥27፣ መዝ 119፥18-19፣ ዘዳ 27፥12)።

ኣብ ህዝቢ ንቓሉ ብግልጺ ኣንቢቦም ዝገለጹ፥

1. ጐይታና ኢየሱስ (ሉቃ 4፥16-21,23-27፣ ሉቃ 23፥27,45፣ ዮሃ 2፥22)
2. ሃዋርያት (ግብ 2፥16-47፣ ግብ 8፥32፣ ግብ 8፥35)

## ተጠቀምቲ ቃል ኣምላኽ ክንከውን እንተ ደሊናዶ፦

- ከም ሰብ ቤርያ መርመርቲ ንኹን (ግብ 17፡11፣ እዝራ 7፡10)
  "... ኣብ ጸጽባሕ ነቲ ጽሑፋት እናመርመሩ ነቲ ቃል ብኹሉ ፍቓዶም ተቐበልዎ"
- ክንምርምሮን ክንደልዮን፡ ትእዛዝ ኣምላኽ ምኺኑ ነስተውዕል (ኢሳ 34፡16)
  "... ኣብ መጽሓፍ እግዚኣብሄር ድለዩን ኣንብቡን፡ ኣፈይ እዩ ዝእዝዝ መንፈሱ እዩ ዝእክቦም ዘሎ..."
- ክንእዘዝ ኣሎና (መዝ 78፡17፣ ህዝ 44፡5፣ ማቴ 7፡24፣ ሮሜ 16፡26፣ 1ቆረ 11፡2፣ 1ተሰ 4፡1፣ 2ተሰ 2፡14፣ እብ 2፡1 ኢያሱ 1፡25፣ 2ጴጥ 3፡1፣ ይሁ 3-7)
- ክንኣምኖ ኣሎና (ማር 1፡15፣ 1ዮሃ 5፡13)
- ክንናፍቖን ክንጠምዮን ኣሎና (መዝ 119፡20ን 131ን፣ ኣሞ 8፡11)
  "ትእዛዛትካ ናፊቐ እየ እሞ ኣፈይ ሃህ ኣቢለ እህህ እብል ኣሎኹ"
  "ነፍሰይ ኵሉ ጊዜ ፍርድኻ ብምንፋቕ ተቐጥቀጠት።"
- ክንመላለሰሉን ክንነብረሉን እንመርጾ መገዲ ክኸውን ኣለዎ (መዝ 119፡30) "መገዲ ሓቂ መረጽኩ ፍርድታትካ ኣብ ቅድመይ ኣንበርኩ"
- ምእንቲ ክንነብሮ፡ ኣብ ኣፍናን ልብናን ኣዝዩ ቀረባ እዩ (ዘዳ 30፡11-14፣ እዮ 22፡22፣ መዝ 37፡31፣ መዝ 40፡8፣ መሳ 6፡20፣ ኢሳ 51፡7፣ ህዝ 3፡10)
- ነስተንትኖ (እያ 1፡8፣ መዝ 1፡2፣ መዝ 119፡ ፍቕድታት 15,23,48,78,97,99148)
- ኣብ ኢድናን፡ ኣብ መንገኦ ኣዒንትናን ይኹን (ዘጸ 13፡9፣ ዘጸ 6፡8፣ ዘጸ 11፡8)
- ኣብ ልዳት ቤትና ይጸሓፍ (ዘዳ 6፡9)
- ኵሉ ኣብ ዝርእዮ ይኹን (ዘዳ 27፡2ን 8ን)
- ገዛእቲ ወይ መራሕቲ ከጽንዕዎ ይግባእ (ዘዳ 17፡18)
- ንደቅና ክንምህሮ ይግባእ (ዘዳ 6፡7፣ ዘዳ 11፡19፣ ዘዳ 21፡12-13፣ መዝ 78፡5)
- ብመዝሙር ክንመሃሮ ይግባእ (ዘዳ 31፡19,21፣ መዝ 119፡54)
  "ኣብ ቤት ግሽነተይ ስርዓታትካ መዝሙራተይ እዩ።"
- ክንልብመሉ ይግባእ (1ቆረ 10፡11፣ ቈሎ 3፡16፣ 2ጢሞ 3፡16)
- ክንውስኸሉ ወይ ክነጉድለሉ ኣይግባእን (ዘዳ 4፡2፣ ራእ 22፡18)
- ክንሕጕሰሉ ኣሎና (እዮ 23፡12፣ መዝ 1፡2፣ መዝ 119፡16ን 24ን 35ን 77ን 103ን 143ን 162ን)
- ካብ ወርቂ ንላዕሊ ክንደልዮ ኣሎና (መዝ 119፡72,127)
- ንቓል ኣምላኽ ሓሳዊ ከይገበርና ክንመላለስ ይግባእ (1ቆረ 4፡2)
- ክንመሀረሉ ይግባእ (መዝ 119፡98,99,104,130፣ ሮሜ 4፡23፣ ሮሜ 15፡4፣ 1ጢሞ 4፡6)

ነስተውዕል! ቃል ኣምላኽ፡

- ህያውን መስለጥን እዩ (እብ 4፡12)።
- ወሃቢ ህይወት እዩ (መዝ 119፡25,93፣ እያሱ 1፡18፣ ጴጥ 1፡23)
- ፍጹም እዩ (ሉቃ 1፡37)
- ንጹህ እዩ (መዝ 12፡6፣ መዝ 19፡8፣ ምሳ 30፡5)
- ከም ኣጽዋር የገልግለና እዩ (ኤፌ 6፡17)
- ከነፍቅሮ ይግባእ (መዝ 119፡47)

## *ኣብ መዝ 119 ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ ተጠቒሱ ዘሎ ሓቅታት፦*

"ብመገዶም ፍጹማት ዝኾኑ፡ ብሕጊ እግዚኣብሄር ዝመላለሱ ብጹኣን እዮም። ምስክራቱ ዝሕልዉ፡ ብምሉእ ልቢ ዝደልዩዎ ብጹኣን እዮም። እከይ ኣይገብሩን ብመገድታቱ ከኣ ይመላለሱ። ኣጸቢቑ ምእንቲ ክሕሎ

ትእዛዛትካ ኣዘዝካ። ኣየ ስርዓታትካ ክሕሉስ መገደይ እንተ ዝቖንዕ። ንኹሉ ትእዛዛትካ እንተ ዝቋመት ሽዑ ኣይምሓፈርኩን። ፍርዲ ጽድቅካ ምስ ተመሃርኩ፡ ብቕንዕና ልቢ ከመስግነካ እየ። ስርዓታትካ ክሕሉ እየ፡ ፈጺምካ ኣይትሕደገኒ" (መዝ 119፡1-8)

"ጐበዝ ንመገዱ ብምንታይ የንጽሃ፧ ከም ቃልካ ንነፍሱ ብምጥንቃቕ እዩ" (መዝ 119፡9)
"ንኣካ ምእንቲ ከይብድልሲ ንቓልካ ኣብ ልበይ ዓቚርክዎ" (መዝ 119፡ 11)።
"ብስርዓታትካ ባህ እብል፡ ንቓልካ ኣይክርስዖን እየ" (መዝ 119፡16)
"ብህይወት ክነብር ቃልካዉውን ክሕሉስ ንባርያካ ሰናይ ግበረሉ" (መዝ 119፡17)።
"መሳፍንቲ ተቐሚጦም እኳ እንተ ሓመዩኒ፡ ባርያካስ ብስርዓታትካ የስተንትን ኣሎ" (መዝ 119፡23)
"ነፍሰይ ኣብ ሓመድ ተጣበቐት፡ ከም ቃልካ ህያው ግበረኒ" (መዝ 119፡25)።
"ነፍሰይ ብሓዘን ትነብዕ ኣላ፡ ከም ቃልካ ኣደልድለኒ" (መዝ 119፡28)።
"መገዲ ሓቂ መሪጽኩ ፍርድታትካ ኣብ ቅድመይ ኣንበርኩ" (መዝ 119፡30)።
"ዎ እግዚኣብሄር መገዲ ስርዓታትካ ምሃረኒ፡ ክሳዕ መወዳእታዉውን ክሕልዎ እየ" (መዝ 119፡ 33)
"ነቲ ናብ ፍርሃትካ ዝመርሕ ቃልካ ኣብ ባርያካ ኣጽንዓዮ" (መዝ 119፡38)
"ዎ እግዚኣብሄር፡ ከምቲ ቃልካ ምሕረትካን ምድሓንካን ይምጽኣኒ" (መዝ 119፡41)
"ትእዛዛትካ ድማ ደልየ፡ እየ እሞ፡ ብገፊሕ ቦታ ክመላለስ እየ" (መዝ 119፡45)
"ኣብ ቤት ግሽነተይ፡ ስርዓታትካ መዝሙራተይ እዩ" (መዝ 119፡54)
"ኣግማድ ረሲኣን ከበቡኒ፡ ሕግካ ግና ኣይረሳዕኩን" (መዝ 119፡61)
"ትእዛዛትካ ኣሚነ ኣሎኹ እሞ፡ ሰናይ ምስትውዓልን ፍልጠትን ምሃረኒ" (መዝ 119፡67)
"ልቦም ከም ስብሒ ረጒደ፡ ኣነ ግና ብሕግካ ባህ እብል ኣሎኹ" (መዝ 119፡70)
"ካብ ኣእላፋት ወርቅን ብሩርንሲ፡ ሕጊ ኣፍካ ይሕሸኒ" (መዝ 119፡72)
"ንቓልካ ተጸብየ እየ እሞ፡ እቶም ዝፈርሁካ ርእዮምኒ ክሕጎሱ እዮም" (መዝ 119፡74)
"ከምቲ ንባርያካ ዝበልካዮ፡ ቃል ጸጋካ መጸናንዒ ይኹነኒ" (መዝ 119፡77)
"ነፍሰይ ንምድሓንካ ትናፍቕ ኣላ፡ ንቓልካ እጽበዮ ኣሎኹ" (መዝ 119፡81)
"ዎ እግዚኣብሄር፡ ቃልካ ንዘለኣለም ኣብ ሰማይ ጸኒዑ ኣሎ" (መዝ 119፡89)
"ሕግካ ደስታይ እንተ ዘይነብርሲ፡ ዛጊት ብመከራይ ምጠፋእኩ ነይረ" (መዝ 119፡ 92)
"ኵሉ ፍጹምነት መወዳእታኡ ርኤኹ፡ ትእዛዝካ ግና ኣዝዩ ርሒብ እዩ" (መዝ 119፡97)
"ቃላትካ ንትንሓገይ እምብዛ ጥዑም እዩ። ንኣፈይ ካብ መዓር ዝበለጸ ይምቅራ" (መዝ 119፡103)
"ነፍሰይ ኵሉ ጊዜ ኣብ ኢደይ እያ፡ ኣነ ግና ሕግካ ኣይርስዕን እየ" (መዝ 119፡109)
"ክልተ ዝልቦም ጸላእኩ፡ ሕግካ ግና ፈቶኩ" (መዝ 119፡113)
"ትእዛዛት ኣምላኸይ ክሕሉስ፡ ኣቱም ሕሱማት ካባይ ርሓቑ" (መዝ 119፡115)
"ብህይወት ክነብርሲ፡ ከም ቃልካ ደግፈኒ" (መዝ 119፡116)
"ንስጉምተይ ኣብ ቃልካ ኣጽንዓዮ፡ እከይ ድማ ከቶ ኣይምለኸኒ" (መዝ 119፡133)
"ብጽድቅን ብዕዙዝ ሓቅን ምስክራትካ ኣዘዝካ" (መዝ 119፡138)
"ቃልካ ኣዝዩ ጽሩይ እዩ፡ ባርያካዉውን የፍቅሮ ኣሎ" (መዝ 119፡140)
"ንቃልካ ከስተንትሲ፡ ኣዒንተይ ነቶም ናይ ለይቲ ሓለውቲ ቀደማኦም" (መዝ 119፡148)
"ዎ እግዚኣብሄር ቀረባ ኢካ፡ ኵሉ ትእዛዛትካ ከኣ ሓቂ እዩ" (መዝ 119፡151)
"ከምቲ ብዙሕ ምርኮ ዝማረከ፡ ብቓልካ ባህ ይብለኒ ኣሎ" (መዝ 119፡162)
"እቶም ሕግካ ዘፍቅሩ፡ ብዙሕ ሰላም ኣለዎም" (መዝ 119፡165)
"ነፍሰይ ንምስክራትካ ሓለወቶ፡ ኣዝየዉውን ኣፍቅሮ ኣሎኹ" (መዝ 119፡166)
"ኵሉ ትእዛዛትካ ጽድቂ እዩ እሞ፡ ልሳነይ ንቓልካ ክትነግር እያ" (መዝ 119፡172)
"ንነፍሰይ ህያው ግበራ፡ ፍርድታትካዉውን ይርድኣኒ" (መዝ 119፡175)
"ከም ጥፍእቲ በጊዕ ተባሪርኩ፡ ትእዛዛትካ ኣይረሳዕኩን እሞ ንባርያካ ድለዮ" (መዝ 119፡176)

__ንስካ ግና ሚዛንካ ሓሉ__

እቲ ብግልና ምስ ኣምላክ ዘሎና ሕብረት ምእንቲ ክሕይልን ኣብ መንፈሳዊ ህይወትና ንምዕባይ ክጠቕመናን ኢልና እነንብቦ ቃል፡ ኣብ ህይወትና መሰረታዊ ለውጥን ንካልኦት ድማ ጽልዋ ዘሕድርን እንተ ዘይኰይኑ ኣገባብ ኣናብባና ክንየው ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ከም ዘይሰገረ ምልክት እዩ። ኣብቲ ምሉእ ሕጊ ንሱ ድማ ሕጊ ሓርነት፡ ኣጸቢቖም ዝጥምቱን ዝጸንዑን ግብሪ ዝገብሩን እምበር ዘይርስዑ ሰማዕቲ ምኳን የድልየና እዩ። ሽዑ ድማ ኢና ናብራና ናብራ ብጹኣን ዝኸውን።

ሐ. __ሕብረት ምስ ቅዱሳን__

እቲ ብግልና ምስ ኣምላክ ዘሎና ሕብረት ዝሕይለሉ ሳልሳይ መገዲ፡ ምስ ቅዱሳን ዘሎና ሓድነት፡ ምምዕዓድን ኣኼባካ ዘይምሕዳግን እዩ። “ንሓድሕድና ንመዓዓድ እምበር ገሊኦም ልማድ ከም ዝገብርዎ ኣኼባና ኣይንሕደግ”(እብ 10፡25)።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኵላትና ኣሕዋት ምኳንና ምሂሩና ኣሎ (ማቴ 23፡8)። ኣሕዋት ብሓደ ሓቢሮም እንተ ነብሩ ድማ እግዚኣብሄር ኣብኡ ህይወትን በረከትን ንዘለኣለም ኣዚዙ ከም ዘሎ ኣብ መዝ 133፡1 ነንብብ። ስለዚ እቲ ምስ ቅዱሳን ዘሎና ሕብረት፡ ምስ ኣምላክ ንዝህልወና ሕብረት ከም ዘሐይሎ ብምግንዛብ፡ ነቲ ሕብረት መንፈስ ብማእሰር ሰላም ገይርና ክንሕልዎ ንጋደል።

> “ንሓድሕድኩም ሓንቲ ሓሳብ ሕሰቡ” (ሮሜ 12፡16)
> “እምብኣርስከ ኣስኣሰር ናይ ሰላም ነገርን ኣስኣሰር ንሓድሕድና ዝሃንጽን ንስዓብ (ሮሜ 14፡19)
> “ኣብ ንሓድሕድኩም ከምቲ ናይ ክርስቶስ ኢየሱስ ጌርኩም ሓደ ሓሳብ ክትሓስቡ ይሃብኩም” (ሮሜ 15፡6)
> “ኣሕዋተይ: ኵላትኩም ሓደ ዘረባ ክትዛረቡ: ብሓደ ልብን ብሓደ ሓሳብን ፍጹም ክትጋጠሙ እምበር ምፍልላይ ከይህልወኩም እምዕድ ኣሎኹ” (1ቈረ 1፡10፣ ኤፌ 4፡3፣ 2ቈረ 13፡11፣ ፊሊ 1፡27፣ ፊል 2፡2፣ ፊል 3፡16 1ጴጥ፡3፡8)

__ንስካ ግና ሚዛንካ ሓሉ__

እቲ ፍቕርና ብፍልጠትን ብምስትውዓል ዘበለ ኵሉን ኣዝዩ እናበዝሐ ክኸይድ ከም ዘለዎ ርዱእ ንረዳእ። ከመይሲ ሕብረት ንገብር ኣሎና እናበልና ንካልኦት መዓንቀፊ ክንከውንን ካብ ንጽህና ክንጐድልን ስለ እንክእል።

ስለዚ ክቡራት ኣሕዋት፡ ኣብዛ ዝረኣናያ ቀዳመይቲ ኵርናዕ ማለት ብግልና ምስ ኣምላክ ዘሎና ሕብረት ሰዓርቲ ምእንቲ ክንከውን፡ ኣብቲ ምስ ኣምላክ ዝህልወና ሕብረት ዘሐይለልና ማለት ኣብ ጸሎት፡ ምንባብ ቃል ኣምላክን ሕብረት ምስ ቅዱሳንን ኣዚና ክንብርትዕ ይግብኣና እዩ። ነዚ ነገር እዚ ንምግባር ድማ ብረድኤት ኣምላክ ወሲንና ክንብገስ ኣሎና። ኣምላክ ይሓግዘና።

*2. ኣብ ቤትና*

ቤት ክበሃል ከሎ ኵሎም ኣብ ሓደ ገዛ ብሓባር ዝነብሩ ሰባት፡ ብፍላይ ድማ ስድራ ቤት ማለት ሰብኣይን ሰበይትን ምስ ውሉዶም ዘመልክት እዩ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝረአናዮ፡ እቲ ብግልና ምስ ኣምላክ ዝህልወና

ሕብረት፡ ኣብ ውሽጢ ቤትና ሓላፍነትናን ግቡእናን ክንገብር ክሕግዘና ይግባእ። እቲ ብግልና ጽቡቕ ናይ ጸሎትን ምንባብ ቃል ኣምላክን ምዝውታርና፡ ኣብ ውሽጢ ቤትና ንሓላፍነትና ኣብ ምትግባር እንተ ዘይሓጊዙና፡ ርእስና ምግምጋም ከድልየና እዩ። ብምቕጻል ኣብ ቤትና፡ ከመይ ጌርና ንክብሪ ኣምላክ እናነበርና ሰዓርቲ ከም እንኸውን ሒደት ሓሳባት ክንምልከት ኢና።

## *2.1 ኣብ ቤትና ሰዓርቲ ኰንና ክንነብር ዝሕግዙና ረቛሒታት*

*ሀ. መሰረት ምፍላጥ*
*ለ. ሓላፍነትካ ብግቡእ ምፍላጥ*
*ሐ. ዓስብካ ምፍላጥ*

### *ሀ. <u>መሰረት ምፍላጥ</u>*

*መሰረት፡* ቤት ክስረት ከሎ፡ ሰባት ልቦም ዘውድቑሉ ነገር እዩ። መብዛሕትኡ ጊዜ መሰረት ቤት ኣብ ሃብቲ፡ ዓሌት፡ ወይ'ውን መልክዕ ዝተሃንጸ ኮይኑ ይጸንሕ እዩ። እቲ መሰረት ናይታ ቤት፡ ኣብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ እቲ ሃብቲ ወይ መልክዕ ክሳዕ ዘሎ፡ እታ ቤት ናይ ምጽናሕ ተክእሎ ክህልዋ ይክእል ይኸውን። እቲ ፍሪኣ ግና ንኣምላክ ዘየሐጕስ ይኸውን እሞ፡ ኣብ መወዳእታ ተሰዓሪት ትኸውን። ከመይሲ እቲ መጽሓፍ "እግዚኣብሄር ንቤት እንተ ዘይሃነጸ ሃነጽቲ ንኸንቱ ይጽዕሩ" ስለ ዝብል (መዝ 127፡1)። መሰረት ቤት ከምዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ እንተ ኮይኑ፡ ፍሪኡ፡ ከምቲ ከየቋረጸ ዝነጥብ ናሕሲ፡ ቈየቛን ህውከትን ከምኡ'ውን ብገዛእ ኢድካ ቤትካ ምፍራስን ይኸውን (ምሳ 9፡13፣ ምሳ 14፡1፣ ምሳ 19፡11፣ ምሳ 27፡15)።

እቲ ካብ መመርታ ሰብኣይን ሰበይትን ገይሩ ዝፈጠረ እግዚኣብሄር እዩ። ንሰብኣይ በይኑ ክኸውን ጽቡቕ ኣይኮነን፡ ዝበለ እግዚኣብሄር እዩ። ወድን ጓልን፡ ብቃል ኪዳን፡ ብሓደ ሓቢሮም ክነብሩ፡ ፍቓድ እግዚኣብሄር እምበር ምህዞ ደቂ ሰባት ከም ዘይኮነ ብሩህ እዩ። ስለዚ መሰረት ናይ ቤት፡ ፍርሃት እግዚኣብሄር ብዘለዎም ክልተ ብምሉእ ፍቓዶም ዝተደላለዩ ወድን ጓልን ክኸውን ይግባእ። ጥሪትን ሃብትን፡ ካብ ወለዲ ከም ዝውረስ፡ ለባም ሰበይቲ ግና ካብ እግዚኣብሄር ምዃና ኣብ መጽሓፍ ምሳሌ 19፡14 ተጻሒፉ ኣሎ። "እቲ ሰበይቲ ዝረኸበ ሰናይ ይረክብ። ካብ እግዚኣብሄር ከኣ ሞገስ ይቕበል" (ምሳ 18፡22)። "ደገ ሰበይትስ መን ይረክባ፤ ዋጋኣ ካብ ዕንቍ ኣዝዩ ይከብር" (ምሳ 31፡10)።

እምብኣርከስ መሰረት እንተ ዘይጥዕዩ ቤት ደው ክትብል ስለ ዘይትክእል፡ መሰረት ሓዳርና በቲ ደው ክብለና ዝከኣሎ እግዚኣብሄር ክምስረት፡ ፍርሃት እግዚኣብሄር ምርጫና ይኩን። "ፍርሃት እግዚኣብሄር ናብ ህይወት የብጽሕ። ሳላኡ ሰብ ጸጊቡ ይሓድር። ክፉእ ከኣ ኣይረክቦን" (ምሳ 19፡23 ምሳ 31፡30)።

### *ለ. <u>ሓላፍነትካ ብግቡእ ምስካም</u>*

ሓንቲ ቤት ዕውትቲ እትኸውን፡ ኵሎም እቶም ኣብታ ቤት ዘለዉ ኣባላት ሓላፍነቶም ክዋጽኡ እንተ ክኢሎም ጥራይ እዩ። ቀጺልና ሓላፍነት ነፍስ ወከፍ ብመንጽር ቃል ኣምላክ ክንርእዮ ኢና።

#### *1. <u>ሓላፍነት ሰብኣይ</u>*

- እታ ሰበይቲ ካብኡ ከም ዝተወሰደት ፈሊጡ፡ ኣቦኡን ኣዲኡን ሓዲጉ ምስ ሰበይቱ ክጣበቕ (ዘፍ 2፡23-24)

- ከምቲ ክርስቶስ ንማሕበሩ ዘፍቀራ፡ ንሰበይቱ ከፍቅራን ከም ስጋኡ ገይሩ ክከናከናን (ኤፌ 5፡25-31፣ ቈሎ 3፡19)
- ንስድራ ቤቱ ዝሓልን ዘስተናብርን ክኸውን (1ጢሞ 3፡5፣ 1ጢሞ 5፡8፣ ዘፍ 30፡30)
- ሰብኣይ ርእሲ ሰበይቲ እዩ (1ቈረ 11፡3)
- እሙን ምኳን፡ ብጊዜ፡ ብዝኣተዎ መብጽዓ (ቃል)፡ ኣብቲ እግዚኣብሄር ዝሃቦ ሓላፍነት
- ጸሎቱ ምእንቲ ከይዕገት፡ ምስ ሰበይቱ ብኣእምሮ ክነብር (1ጴጥ 3፡7)

## *2. ሓላፍነት ሰበይቲ*

- ብቕዕቲ ደጋፊት ምኳን (ዘፍ 2፡18-20)
- ለባም፡ ቤታ እትሃንጽ ክትከውን (ምሳ 14፡1)
- ንሰብኣያ እትእዘዝን እተኽብርን (ኤፌ 5፡24-30፣ ቈሎ 3፡18፣ ቲቶ 2፡5)
- ንሰብኣያን ውሉዳን እተፍቅር፡ ነፍሳ እትቐጽዕ፡ ንጽህቲ፡ ቤታ እትኣሊ፡ ሕያወይቲ ክትከውን (ቲቶ 2፡5)
- ተስፋኣ ናብ ኣምላክ እትገብርን፡ ስልማታ ለዋህን ህዱእን መንፈስ ክኸውንን (1ጴጥ 3፡4-5)
- ደገ ክትከውን ይግባእ (ምሳ 31፡10-31)

## *ሰብኣይን ሰበይትን ብሓባር ክዘውትሩዎም ዝግባእ ህይወት*

- ሓቢርካ ቃል ኣምላክ ምንባብን ምጽላይን
- ሓቢርካ ስለ ምጽላይ
- ሓቢርካ ብዛዕባ ሓዳርካ ምዝታይን ምዝርራብን
- ብደረጃ ስድራ ቤት ሓቢርካ ንኣምላክ ምግልጋል፡ "ኣነን ቤተይን ግና ንእግዚኣብሄር ኢና እነገልግል" ዝብል ቃል ብግብሪ ከርእዩ (ኢያሱ 24፡15)
- ንሓድሕዶም ብፍርሃት ክርስቶስ እዙዛት ክኾኑ (ኤፌ 5፡21)
- ነቲ ዝተዋህቦም ጊዜ ኣብ ረብሓ እናውዓሉ ለባማት፡ ብጥንቓቐ ዝመላለሱ ክኾኑ ይግባእ። ከመይሲ ቕንያቱ ክፉእ ስለ ዝኾነ (ኤፌ 5፡16)
- ንእግዚኣብሄር ክፈርሁ (መዝ 128፡1-6)
- ወትሩ ናብ ኣምላክ ዝውከሉ። ንኹሉ ሓልዮቶም ናብኡ ዘውድቑ ክኾኑ (መዝ 55፡22 1ጴጥ 5፡7)
- ብኹሉ መመስገንቲ ክኾኑ (ቈሎ 3፡15)
- ንድኻ ዝሓልዩ ለጋሳት ክኾኑ (ኢሳ 58፡7)
- ንውሉዶም ክቐጽዑ (ምሳ 23፡13-14)

## *3. ሓላፍነት ውሉድ*

- ንወለዶም ዝእዘዙ
- ፍቕሪ ንስድራቤቶም ዘርእዩን፡ መመስገንትን
- ጥበበ ታት፡ ንወለዶም ዘሐጉሱ (ምሳ 10፡1)
- ንኣቦኦም ዝሰምዑ፡ ንኣዲኦም ዘይንዕቑ (ምሳ 23፡22)
- ብኹሉ ቀዳሞት ክኾኑ ዝጽዕሩ፡ ኣብ ኩሉ መዳይ ህይወቶም ህርኩታት
- ሕማቕ ዕርክነት ንጽቡቕ ልማድ ከም ዘጠፍእ ተረዲኦም ክጥንቀቑ

## *ውሉድ ሓላፍነቶም ክዝንግዑ ከለዉ፤*

- ነውራማት ይኮኑ (ምሳ 17፡2፣ ምሳ 19፡26)
- መጕሃይቲ ወለዶም ይኮኑ (ምሳ 17፡21፣ ምሳ 17፡25፣ ምሳ 10፡1)
- ቀተልቲ ወለዶም ይኮኑ (ማር 13፡12)
- ዓያሱ፡ መከራ ወለዶም ይኮኑ (ምሳ 19፡23)
- ኣብ 2ጢሞ 3፡1-4 ተጻሒፉ ዘሎ፡ ብግልጺ ኣብኦም ይረአ

*ሐ. <u>ዓስብካ ምፍላጥ</u>*

- ብርግጽ እታ ብቓል እግዚኣብሄር ዝተመስረተት፡ ሓላፍነታ ድማ ብግቡእ ዘማለአት ቤት፡ ዓስባ ካብ እግዚኣብሄር ክትቅበል እያ (መዝ 128፡1-6፣ መዝ 127፡1-5፣ ኢሳ 58፡7-12)። ሒደት ካብቲ ኣመንቲ ኣብዚ ምድሪ ዝረክቡዎ ዓስቢ ብመሰረት ቃል ኣምላክ እዞም ዝስዕቡ ምጥቃስ ይከኣል።
- ዕዮ ኣእዳውካ ትበልዕ
- ደሓን ትረክብ
- ሰበይትካ ኣብ ውሽጢ ቤትካ ከም ፈራይት ወይኒ ትከውን
- ውሉድካ ኣብ ዙርያ መኣድካ ከም ተክሊ ኣውሊዕ ይኮኑ
- ደቂ ደቅካ ትርኢ፡
- ሰላም ቤትካ ብዙሕ ይከውን ወዘተ

እንተ ኮነ ኣመንቲ ስድራ ዓስቦም ኣብዚ ምድሪ እዚ ጥራይ ዝውዳእ ኣይኮነን። ብሓቂ እንተ ደኣ ሰናይ ገድሊ ተጋዲልና፡ እቲ ጕያና ወዲእና፡ ነታ እምነትና ሓሊና፡ ጐይታና ንሱ እቲ ጻድቕ ፈራዲ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ኣክሊል ጽድቂ ኣንቢሩልና ከም ዝጸንሕ ክንዝንግየ ዘይብልና ሓቂ እዩ።

እግዚኣብሄር ይደግፍ።